

UK Health Security Agency

ንወለዲ እተዳለወ በራሪ ጽሑፍ

# ናይ ሕማም ፖልዮ ክታበት ሕጂ ውሰዱ

## ኣባራታዊ ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ ክወስዱ ዘለዎም ከመይ ዝኣመሰሉ ሰባት እዮም?

ኵላቶም ኣብ ከተማ ለንደን ዝርከቡ ካብ 1 ክሳብ 9 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፡ ሕጂ ምሉእ ዓቐን (ዶዝ) ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ ክወስዱ የድልዮም። እዚ፡ ንገሊኣቶም ህጻናት፡ ኣብ ርእሲ እቶም ብስሩዕ ዝወስድዎም ክታበታት ዝወሃብ ዘሎ ዝያዳ ዓቐን ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ ክኸውን ይኽእል እዩ።  ንኻልኦት ህጻናት ድማ ግዚኡ ናብ ዝሓለወ ኣወሃህባ ክታበት ዘምጽኦም ተመኵሮ እዩ።

## ስለምንታይ እዩ ውላደይ ኣባራታዊ ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ ዝወስድ ዘሎ?

ካብ ወርሒ ለካቲት 2022 ንዳሓር፡ ካብ ፎኛቱራታት ናይ ሰሜን ለንደን ኣብ ዝተወስዱ ቅምሶታት ኣብ ዘካየድናዮ መርመራ፡ `ዓይነት 2` ቫይረስ ሕማም ፖልዮ ክንረክብ ጸኒሕና ኣለና። እዚ ዘመልክቶ ሓቂ እንተሃልዩ፡ እዚ ቫይረስ እዚ ኣብ ማእከል ህዝቢ ክላባዕ ጀሚሩ ከምዘሎ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ምናልባሽ፡ እቲ ዕሽላትን እግሪ-ተኽሊ ህጻናትን ናይ ከተማ ለንደን ዝወስድዎ ዘለዉ ዓቐን ክታበታት፡ ካብ`ቲ ክበጽሖ ዝግባእ መጠን ዝተሓተ ስለዝኾነ እዩ።

ካብ`ዞም እዚ ቫይረስ እዚ ተራእዩሎም ዘሎ ከባቢታት ናይ ከተማ ለንደን ተበጊስና ተወሰኺ ዓቐን ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ ብምሃብ፡ ነፍሲወከፍ ህጻን ንዘለዎም ደረጃ ተጻዋርነት ናይ`ዚ ሕማም እዚ ከነሐይል እዩ ዕላማና። ምሕያል ደረጃ ተጻዋርነት ሕማም ናይ`ቶም ድሮ ክታበት ወሲዶም ዘለዉ ህጻናት፡ ተኽእሎ ሓደጋ ለብዒ ናይ`ዚ ቫይረስ እዚ ኣብ ምንካይ እውን ሓጋዚ እዩ።

## ሕማም ፖልዮ ከመይ ዝኣመሰለ እዩ?

ሕማም ፖልዮ ንስርዓተ-መትኒ ብሰንኪ ዘጥቅዕ ዓይነት ቫይረስ ዝስዕብ ዓይነት ረኽሲ እዩ፤ ሕዱር መልመስቲ ናይ ጭዋዳታት ከስዕብ ድማ ይኽእል። ቅድሚ ክታበት ሕማም ፖልዮ ምትእትታዉ፡ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ይኽሰቱ ኣብ ዝነበሩ ዓመታት ለብዒ ሕማም ፖልዮ፡ ክሳብ 8,000 ዝበጽሑ ተርእዮታት ንምዝገቡ ነይሮም።

ፕሮግራም ክታበት ሕማም ፖልዮ ዕዉት ሳላ ዝኾነ፡ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝኾነ ይኹን ተርእዮ ሕማም ፖልዮ ኣይተቐልቀለን (እቲ ናይ መወዳእታ ተርእዮ ኣብ 1984 ዝተመዝገበ እዩ)። ሕማም ፖልዮ ካብ መላእ ኤውሮጳ ዝተወገደላ ዓመት ድማ 2003 እያ ነይራ።

እዚ ኣብ ለንደን ተረኺቡ ዘሎ ቫይረስ ሕማም ፖልዮ ነቶም ምሉእ ክታበት ዝወሰዱ ሰባት ዝኾነ ይኹን ጸገም ከምጽኣሎም ዝኽእል ኣይኰነን። ይኹን`ምበር፡ እዚ ቫይረስ እዚ ኣብ ዝላብዓሉ እዋን፡ እቶም ምሉእ ክታበት ዘይወሰዱ ወይ ኣካላቶም ጽቡቕ መልሰ-ግብሪ ናይ ክታበት ዘይህብ ሰባት ብሕማም ፖልዮ ንኽተሓዙ ትሑት ተኽእሎ ኣሎ።

እቲ ጽቡቕ ነገሩ፡ ነዚ ቫይረስ እዚ ገና ብኣጋኡ ኢና ኣለሊናዮ። ሕጂ ኣቐዲምና ስጉምቲ ክንወስድ እንደልየሉ ዘለና ምኽንያት ከኣ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሓት ህጻናት ካብ ሓደጋ ናይ ቫይረስ ከምዝድሕኑ ምግባር እዩ። ብኽብረትኩም ዕድመ ምስቀረበልኩም ብቐጥታ ምጹ።

## ውላደይ ብኸመይ እዩ - ኣባራታዊ ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ ክወስድ ዝኽእል?

ትካል ኤን.ኤች.ኤስ. (NHS) ደቅኹም ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ ክወስዱ ቈጸራ ንኽትሕዙሎም ክውከሰኩም እዩ።

## ነዚ ክታበት እዚ ክወስዶ ዘይብሉ ሰብ ኣሎ ዶ?

ህጻናት ነዚ ክታበት እዚ ንኸይወስድዎ ምኽንያት ክኾኑ ዝኽእሉ ሒደት ቅድመ-ኵነታት ኣለዉ። ደቅና ቅድሚ ሕጂ ክታበት ድዩስ ገለ ፍልይ ዝበሉ ዓይነት ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት (ኒዮማይሲን፡ ፖሊማይሲን ወይ ስትሬፕቶማይሲን) ድሕሪ ምውሳዶም ከቢድ ቍጥዐ ኣካላት ኣርእዮም እንተነይሮም፡ ብዛዕባ ክታበቶም ኣቐዲምኩም ምስ ውልቃዊ ሓኪምኩም ክትዘራረቡ ከድልየኩም እዩ።

## ንውላደይ ዝወሃቦ ዘሎ ዓይነት ክታበት ኣየናይ እዩ?

ንሕማም ፖልዮ ኣብ ምክልኻል ጽቡቕ ውጽኢት ዘለዎም 3 ዓይነት ክታበት ኢና ንጥቀም። እዚኣቶም ኣብ'ቲ ልሙድ ፕሮግራም ክታበት ኰነ ኣብ ልዕሊ ሚልዮናት ህጻናት ኣብ ዝካየድ ዓመታዊ ንጥፈት ምውሓስ ህጻናት ድሮ ዝወሃቡ ዘለዉ እዮም።

እቲ እንኮ ኣብ ሞንጎ እዞም 3 ዓይነት ክታበት ዘሎ ፍልልይ፡ ኣብ ዓይነት ናይ'ቶም ዝከላኸልዎም ካልኣውያን ረኽስታት እዩ። ኵላቶም እዞም ክታበታት እዚኣቶም ካብ ሕማማት ፖልዮ፡ ቴታኑስ ከምኡ'ውን ውሽጣዊ ረኽሲ ጕረሮ (ዲፍተሪያ) ዝከላኸሉ ኰይኖም፡ ገለ ካብኣቶም ድማ ኣብ ርእሲኡ ካብ ትኽትኽታዊ ሰዓልን ካብ ሕማም ወይቦ ዓይነት-ለን ዝከላኸሉ ክኾኑ ይኽእሉ። ደቅኹም፡ ቅድሚ ሕጂ ከይወስድዎም ዝጸንሑ ክታበታት እንተዘይሃልዮሞም፡ ካብ'ዞም 3 ዓይነት ክታበታት ነ'የናይ ይወስዱ ዘገድስ ኣይኰነን።

## እዚ ክታበት እዚ-ዝመበገሲኦም ጐድናውያን ሳዕቤናት ኣለዉ ዶ?

ኣብ'ታ መርፍእ እተወግኣትላ ክፋል ቅልጽም ናይ ደቅና ዝተወሰነ መጠን ምቕያሕ ቈርበት ድዩስ ሕበጥ ክረአ፡ ወይ ድሕሪ ምትንካፍ ስምዒት ቃንዛ ከስዕብ ዝከኣል እዩ። እዞም ምልክታት እዚኣቶም ኩሉ ሳዕ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልትታት ዝጠፍኡ እዮም። ሳሕቲ፡ ኣብ'ታ ቦታ ተሪር ዕንፍሩር ክወጽእ እውን ተኽእሎ ኣሎ። እዚ እውን ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰሙናት ባዕሉ ዝጠፍእ ተርእዮ እዩ።

ስሕት ኢሉ፡ ደቅና ስምዒት ሕማም ክረኣዮምን ቀጨውጨው ክብሉን፡ ከምኡ'ውን ሙቐት ኣካላት ኰነ ቃንዛ ርእሲ ከርእዩ ተኽእሎ ኣለዎም።

ብዛዕባ እትጥርጥርዎም ጐድናውያን ሳዕቤናት ናይ ክታበት ድዩስ መድሃኒት ዝመጸ ሓበሬታ ከተመሓላልፉ እውን ዕድል ኣለኩም። ነዚ፡ መደባት ብጫ ካርድ ማለት Yellow Card ብምፍታሽ ወይ መተግበሪ ናይ Yellow Card ኣውሪድኩም ብምጥቃም ከተሰላስልዎ ትኽእሉ። ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ።

## ዘመተ ምውሃብ ኣባራታዊ ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ

እዚ ክታበት እዚ ዕድመ ናይ ደቅኹም ኣብ ግምት ኣትዩ ብልክዕ ዝወሃብ እዩ።

| ክሊ ዕድመ | ደቅኹም ቅድሚ ሕጂ ወሲዶሞም ክጸንሑ ዘለዎም ክታበታት ናይ ሕማም ፖልዮ | ኣብ'ዚ ዘመተ እዚ ንኽውሰዱ ተዳልዮም ዘለዉ ዓይነት ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ |
|---|---|---|
| ካብ 1 ክሳብ ትሕቲ 3 ዓመትን 4 ኣዋርሕን ንዝዕድሚኦም ህጻናት | 3 ዓቐናት ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ | ንጽል ኣባራታዊ ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ – (ኢንፋንሪክስ ሄክሳ/Infanrix hexa ወይ ቫክሰሊስ/Vaxelis). ካብ'ታ ናይ መወዳእታ ዓቐን ክታበት ዝወሰዱላ እዋን፡ እንተቐልጠፈ 4 ሰሙናት ጸኒሑ |
| ካብ 3 ዓመትን 4 ኣዋርሕን ክሳብ 9 ዓመት ንዝዕድሚኦም | 4 ዓቐናት ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ | ንጽል ኣባራታዊ ክታበት ናይ ሕማም ፖልዮ – (ቡስትሪክስ-ኣይ.ፒ.ቪ./Boostrix-IPV ወይ ሬቫክሲስ/Revaxis)፡ ማለት ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ ኣብ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ኣባራታዊ ክታበት ወሲዶም እንተዘይጸኒሖም |

ደቅኹም ነዚ ተወሳኺ ዓቐን ክታበት ምስወሰዱ እውን ዕድሚዕም ሓልዮም ንዝተረፎም ዓቐናት ክታበት ወሲዶም ክውድኡ ወይ ከርክቡ ከድልዮም እዩ (ማለት፡ ብድሕሪኡ - ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ውሽጢ ዝሓጸረ እዋን)። ብቐረባ ኣገልግሎት ሓፈሻዊ ሕክምና ንዝህበኩም ኣካል ተወከሱ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ነዞም ኣርእስትታቶም ቀጺሉ ተዘርዚሩ ዝርከብ በረርቲ ጽሑፋት ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፡-

- **ክታበት ነቶም ክሳብ 13 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም ቈልዑ**
- **ክታበት ነቶም ተማሃሮ ቅድመ-ትምህርቲ ዝኾኑ ህጻናት**
- **ክታበት ንነኣሽቱ መንእሰያት**

ዝርዝራዊ ሓበሬታ ናይ'ዚ ክታበት እዚ -ምስ ናይ ጐድናውያን ሳዕቤናቱ- ንምርካብ፡ ነቲ ኣብ መትሓዚ ናይ ክታበት **ኢንፋንሪክስ ሄክሳ/Infanrix Hexa** ወይ **ቫክሰሊስ/Vaxelis** ዝርከብ ሓበሬታ ዝሓዘ በራሪ ጽሑፍ (PIL)፣ ከምኡ'ውን ነቲ ናይ **ቡስትሪክስ-ኣይ.ፒ.ቪ./Boostrix-IPV ሓበሬታ ዝሓዘ በራሪ ጽሑፍ/PIL** ወይ እቲ ናይ **ሬቫክሲስ/Revaxis ሓበሬታ ዝሓዘ በራሪ ጽሑፍ/PIL** ኣንብብዎ ኢኹም።

ብዳህሳሲት ምስሊ ስኣሉኒ

**www.mhra.gov.uk/yellowcard**

ናብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ናይ Yellow Card ብምእታው ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 0800 731 6789 ብምድዋል (ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ. ካብ ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ. - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ) ብዛዕባ እትጥርጥርዎም ጐድናውያን ሳዕቤናት ናይ ክታበት ሓበሬታ ከተመሓላልፉ እውን ትኽእሉ ኢኹም።
**www.mhra.gov.uk/yellowcard**

© Crown copyright 2022. Gateway number 2022268. Product code: POLIO1TYA Tigrinya

This leaflet is also offered as a translated version in Albanian, Arabic, Bengali, Bulgarian, Chinese (simplified), Chinese (traditional, Cantonese), Estonian, Farsi, French, Greek, Gujarati, Hindi, Italian, Latvian, Lithuanian, Panjabi, Pashto, Polish, Portuguese, Romanian, Romany, Russian, Somali, Spanish, Tagalog, Tigrinya, Turkish, Twi, Ukrainian, Urdu, Yiddish and Yoruba. It is available as a BSL video, braille and large print. Please visit **www.healthpublications.gov.uk** or call 0300 123 1002 to order more copies. Updated 05.08.2022